# *መልእኽቲ ናብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኤርትራዊ ስኒት ናይ መጽናዕቲ ጉጅለ መን ኢዩ?*

*ዶ/ር ገብረ ገብረማሪያም*

*ኤርትራዊ ስኒት ናይ መጽናዕቲ ጉጅለ፡ ብተበግሶ ስኒት ፈስቲቫል ደንቨር ዝተባህለ ኣብ ማሕበራዊ መድያ ዝተጠራነፈ ማሕበር ፡ ኣብ ማዝያ 2018 ዝተመስረተ ናጻ ናይ ምሁራትን ኪኢላታትን ናይ መጽናዕቲ ጉጅለ ኢዩ። መጀመሪያ ብሸመንተ (8) ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዝነበሩ ኤርትራውያን ምሁራትን ኪኢላታትን ዝቖመ ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ስኒት ብምፍጣር፡ ኣንጻር ዓመጽ ንምቅላስን ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ምስግጋር ንምርግጋጽ ዘኽእል ናይ ሓባር ናይ መቃለሲ ኣግባብ ንምህንዳስ ዘኽእል መጽናዕታዊ ጽሑፋት ንምድላው ዝዓለመ ኢዩ። ድንቨር ማኒፈስቶ (Denver Manifesto) ብዝብል ስም ዝፍለጥ ፡ መባእታዊ ናይ መጽናዕቱ ውጽኢት፡ ኣብ ሓምለ 4-7፣ 2018 ኣብ ደንቨር፣ ኮሎራዶ፣ ኣብ ዝተገብረ ኤርትራዊ ፈስቲቫል፡ ናብ ህዝቢ ኣቕሪቡ። ድሕሪ ናይ ክልተ ማዓልታት ምይይጣትን ክትዓትን፡ ብምሉእ ድምጺ ናይቶም ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ምስጸደቐ፡ ከም ናይ ህዝቢ ንብረት (White Paper) ናብ ህዝቢ ተዘርጊሑ።*

*ድሕሪ ናይ ዓመት ጽዑቕ ስራሕ ካኣ ሕጂ ካብ ሓምለ 5-7 2019 ኣብ በርክሊ፣ ካሊፎርኒያ ናይ ህዝቢ ኣኼብ ንምክያድ ኣብ ምድላው ይርከብ።*

*ንዝርዝር ሓበሬታ፡ ነዚ ዝስዕብ ናይ ቪድዮ ሊንክ ብምጥዋቕ ክትሰምዑ ብኽብሪ ይዕድም፡-*

https://www.youtube.com/watch?v=XJNvvy5n2S8&t=402s